# ፖለቲካዊ ፕሮግራም

## ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ዝጸደቐ

ኣዲስ ኣበባ - ኢትዮጵያ

21 ጥቅምቲ 2009



# ትሕዝቶ

1) ፖለቲካዊ ፕሮግራም

2) ፖለቲካዊ ውሳኔታት

3) ደምዳሚ ኣዋጅ ቀዳማይ ጉባኤ

# 1- ፖለቲካዊ ፕሮግራም

## መእተዊ፡

ካብ 1941–1952 ዘሎ እዋን፡ ማለት መዋእል ርእሰ ውሳኔ ተባሂሉ ዝስመ መድረኽ፡ ኣብ መንጎ'ተን ኣብ ትሕቲ ቀጽሪ ናጽነት ተወዲበን፡ ድሌት ሃገራዊ ናጽነትን፡ ባህጊ ምቛም ናጻ ፖለቲካዊ ህላወን (Entity) ዝነበረን ሰልፍታትን ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳትን፡ ንኤርትራ ምስ ኢምባራጦሪያዊት ኢትዮጵያ ንምጽንባር ባህጊ ዝነበሮን፡ ካብ መንግስቲ ሃጸይ ሃይለስላሴን ዞባውን ኣህጉራውን ተሓባበርቱን ዝተፈላለየ ደገፋት ዝረክብ ዝነበረን፡ ማሕበር ኣንድነትን ግርጭታት እናደየበ ክምዕብል ተራእየ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ንባህግታት ኣዚዩ ዝሰፈሐ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ዝተጻረሩ ሓይልታት፡ ንሕጋዊ ሃገራዊ ጠለባት ንምብርዓን ተሰማምዑ። ሕቡራት መንግስታት ከኣ፡ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደራላዊ ዝምድና ዝቖርን ውሳኔ ከምዝሓልፍ ገበሩ። እዚ ተረኺቡ'ዚ፡ ኣስፋሕፋሒ መደባት ኢትዮጵያ ንምፍጻም ዝዓለመ ኮይኑ፡ ኤርትራ ብፍጹምነት ምስ ኢትዮጵያ ንምጽንባር ባይታ ዝመድመደ ስጉምቲ ምንባሩ ይፍለጥ። ኢትዮጵያ ንውሳኔ ሕቡራት መንግስታት ብምጥሓስን፡ ናጻ ሃገር ናይ ምቛም ድሌት ዝሰፈሐ ክፋል ህዝቢ ኤርትራን ብምርጋጽን፡ ፌደራላዊ ውሳኔ ኣፍሪሳ፡ ኤርትራ ሓንቲ ኣካል ኢትዮጵያ ኣብ ምግባር ዝወሰደቶ በይናዊ ውሳኔ ብ1962 ኣዊጃ ብግብሪ ተርጎመቶ። እዚ ስጉምቲ'ዚ ግን ነቲ ተሪር ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ኣየዳኸሞን። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ክሊ'ዚ ሓድሽ ኩነታት ዝተፈላለዩ ስልትታት እናመሃዘ ሰላማዊ ቃልስታቱ ቀጸለ።

ኣብ ክሊ ናይ'ዚ ኩውንነት'ዚ፡ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ ወይ ድማ ማሕበር ሸውዓተ) ንመጀመሪያ ኣብ 1958 ተመስረተ። ዕላማኡ ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ሓራ ንምውጻእን፡ ናጻ ሃገር ምቛምን ነበረ። በዚ መሰረት ድማ ንሰፊሕ ክፍልታት ሓፋሽ ህዝብና ኣብ ጎድኑ ከሰልፍ በቕዐ።

ነዚ ክባራዕ ዝጀመረ ሰውራዊ ማዕበል ንምግታእ፡ ባዕዳዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናይ ጭፍጨፋ መስርሑ ብዝያዳ ኣጽዓቐ። ብምኳኑ ድማ፡ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ፡ ሓድሽ ስትራተጂ ምሕንጻጽን፡ ሓድሽ ኣገባባት ምትእትታውን እዋናዊ ሕቶ ምኳኑ ተገንዘበ።



ነዚ ሰውራዊ ሕቶ'ዚ ንምምላሽ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብ1961 ቆመት። ጎበጣዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ ንምብራር ድማ፡ ብረታዊ ተጋድሎ መሰረታዊ ኣገባብ ቃልሲ ክኸውን ከምዘለዎ (ባና) ዝብል ጭርሖ ኣልዓለት። ስዉእ ተጋዳላይ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ፡ ሃልሃልታ ብረታዊ ተጋድሎ ዝኣወጀት መጀመሪያ ጥይት፡ ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ተኮሰ።

እቲ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ቃልሲ፡ ዝተፈላለዩ ሃገራውን ደሞክራስያውን መኸሰባት ኣመዝገበ። ብርግጽ፡ ብወድዓውን በዓል ቤታውን ምኽንያታት፡ እዚ ቃልሲ'ዚ ንብዙሕ ላዕልን ታሕትን ክሳጣሕን ብቡዙሕ ሓርጎጽጎጻት ክሓልፍን ባህሪያዊ ምንባሩ ዘማትእ ኣይኮነን። ብፍላይ ድማ ንሓድነት ሕብረተሰብናን ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ዝምልከት። ምስ'ዚ ኹሉ ግን፡ ድሕሪ ነዊሕ ቃልስን፡ ኣብ ሳላሳ ዓመታት ህዝብና ዝኸፈሎ ሰፍ ዘይብል መስዋእትን፡ ሰውራ ኤርትራ ኣብ 1991 ዓ.ም.ፈ ንመላእ መሬት ኤርትራ ሓራ ከውጽእ ምብቅዑ፡ ቀንዲ ሸቶኡ ከረጋግጽ ከኣለ። እዚ ዓቢዩ ለውጢ'ዚ፡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ኣብ ቅድሚ ታሪኻዊ ሓላፍነት ፊት ንፊት ኣንበሮ። ብሓጺሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሃገርና ፖለቲካዊ ናጽነታ ድሕሪ ምርግጋጻ፡ ሃገራውን ደሞራስያውን ሕልምታቱን ብናጻ ከሰላስል ምእንቲ'ውን፡ ብኹሉ ዓቕምታቱ ዘበጀወ ምኳኑ'ዩ።

ስለ'ዚ ፡ ኣብ ቅድሚና ብጉሉሕ መልክዕ ዝቐርቡ ኣጀንዳታት፡ ወይ ዛዕባታት በዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክግለጹ ይከኣል ፡--

1. ጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ብውድዕነት መፍትሒ ክርከበሉ ከም ዝግባእ።
2. መርሓ ደሞክራሲ ብግቡእ ክትግበር፡ ምቹእ ቅድመ ተደላይነታት ክንጸፈሉ ከም ዘድሊ።
3. ምድልዳል ሃገራዊ ልዑላውነት፡
4. ብዛዕባ ምህናጽ ሃገር ዝምልከትን፡ ዘውሕሶ ዱልዱል ሰረት ምንዳቕን፡ ኩሎም ሃገራውያን ሓይልታት ኣብ ዝተሓተ ነጥበ ስምምዕ ፕሮግራም ክሰማምዑ ከም ዝግባእ።
5. ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ምምላስን ምጥያስን፡

እዞም ዛዕባታት እዚኣቶም ብውሕሉል ኣገባብ ስለ ዘይተፈትሑ ከኣ፡ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ታሪኻዊ ሓላፍነቱ ኣብ ምሽካም ፈሺሉ። ቀዳማይ ጠንቂ ናይ'ዚ ፍሽለት'ዚ፡ ነፋጊ መርሆ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ንኹሉ ኣብ ምግባት ተዓዊቱ፡ ንፖለቲካዊ ውሳኔ ኣብ ትሕቲ ብሕታዊ ስልጣኑ ብምእታዉ ኢዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ እዚ መርሆ'ዚ ኣሉታዊ ጉዕዞኡ ብምቕጻል ዲክታተርነት ሃነጸ። ክንዲ ዝኾነ፡ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 18 ዓመታት ኤርትራ ብፖለቲካዊ ቅልውላው ክትሳቐ ጸኒሓ'ላ። ሽግራታ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ እንዳ ብኣሰ ይቕጽል ኣሎ። እዚ ብብሩህ ዘረጋግጾ እንተሎ፡ ዲክታቶርያዊ ምሕደራ ፈሺሉ ምህላዉ'ዩ። እዚ ከኣ በዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣጸቢቕም ይበርሁልና፡-

1. ብሰንኪ ምስ ጎረባብቲ ዝተኻየዱ ትርጉም ኣልቦ ውግኣት፡ ገለ ቦታታት ካብ መሬት ኤርትራ ወጻኢ ካብ ሃገራዊ ልዑላውነት ዝርከቡ ምዃኖም፣

2. መዳይ ቁጠባን ኩነታት መነባብሮን ኤርትራ፡ ቅድሚ ሕጂ ብዘይተረኣየ መልክዓት ኣንቆልቊሉ ምህላዉ፣

3. ከም ውጽኢት ፍጻሜታት ዘይተጸንዐ ፖሊስታት ዲክታቶሪያዊ ስርዓት፡ ሕብረተሰባዊ ምትእስሳር ብዝያዳ ላሕሊሑ ስለ ዘሎ፡ ንሓድነት ዝተፈላለዩ ሃይማኖታውን፡ ቋንቋዉን፡ ኣውራጃዉን፡ ኢትኒካውን ክውንነታት ዘሰግእ ሃዋህው ይፍጥር ምህላዉ፣

4. ቅድሚ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ተራእዩ ዘይፍለጥ ዋሕዚ ስደት መንእሰይ፡ ብዝያዳ ክቕጽል ምርኣይና፣

5. ስርዓት ኣስመራ፡ ብዞባውን ኣህጉራውን ደረጃ ዘጋጥሞ ብዘሎ ፖለቲካዊ ተነጽሎ ይሳቐ ከም ዘሎ ምግንዛብና፣

ኣብ ክሊ'ዘን ዝሓለፉ 18 ዓመታት፡ ስርዓት ኣስመራ ሃገራውን ደሞራስያውን ትጽቢታት ህዝብና ኣብ ምምላስ፡ ተወፋይነትን ተኣማንነትን ከም ዘይብሉ ኣረጋጊጹ'ዩ። ሃገር ኣብ ምምሕዳር ዓቕሚ ከም ዘይብሉ'ውን መብርሂ ዘየድልዮ ሓቂ ኮይኑ ይርከብ ኣሎ። ኣብ ቅድሚ እዞም ውሁባት ሓቅታት፡ ሃገራውያንን ደሞክራስያውያንን ሓይልታት፡ ብዘይካ ንዋታውን ንያታውን ዓቕምታቶም ጠርኒፎም፡ ስሩዕ ቃልሲ ኣንጻር ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ምክያድን፡ ደሞክራሲያዊ መተካእታ ምትካልን፡ ካልእ ኣማራጺ ክህሉዎም ኣይክእልን'ዩ።



ንሕና ነካይዶ ዘሎና ቃልሲ፡ ኣብ ክሊ ሓድሽ ውሽጣውን ግዳማውን ኩነታት ኢዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ነዞም ዝስዕቡ ሓቅታት ነረጋግጽ፡-

1ይ. ኤርትራ ብሃይማኖታውን፡ ቋንቋውን፡ ባህላውን ብዙሕነት እትልለ ሃገር ኢያ።

2ይ. ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ኤርትራ ዝቐመትሎም ዞባታት፡ ብፍላይ ኣብ መንጎ ከበሳን መታሕትን፡ ዘይተመጣጠነ ልምዓትን ምዕባለን ይርከብ።

3ይ. ብዘይካ'ቲ ብሰንኪ ተኸታታሊ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝሰዓበ ነገራውን ሞራላውን ጸቕጥታት፡ ምዝማት ጺጋታት ሃብቲ ሃገር ተሓዊስዎ፡ ንሃገርና ኸይትምዕብል ዓንቂፍዋ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብድሕረት ክትሳቐ ትርከብ።

4ይ. ጓሶትን፡ ሸቃሎን፡ ገፈፍቲ ዓሳን፡ ስነ-ጥበባውያንን፡ ዝሰፈሐ ኣካል ህዝቢ ኤርትራ እዮም። ብሰንኪ ዓሚቝ ፖለቲካውን ምጣኔ-ሃብታውን ቅልውላዋትን መሓንቖታትን፡ ካብ'ዞም ደርብታትን ማሕበራዊ ጉጅለታትን እዚኣቶም፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 18 ዓመታት ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዓለም ክስደዱ ተገዲዶም።

ብካልእ ወገን ወተሃደራውን በርጌሳውን ቢሮክራሲያውን ተሓባቢርቶም፡ ሃገር መዝሚዞም ሃብቲ ብምድላብ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ቦታታቶም ከደልድሉ ክኢሎም ኣለዉ።

5ይ. ኤርትራ ብስትራተጂካዊ ኣቀማምጣኣ ምችእቲ ሃገር እያ። ክንዲ ዝኾነ፡ ብዞባውን ኣህጉራውን ደረጃታት ግርጭታት ንዝመርሑ ዝተፈላለዩ ወገናት፡ ዓዳሚ ረቛሒ ኮይና ትርከብ።

በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ እዚ ኣቀማምጣ ኤርትራ ኣብ ምድልዳል ሰላምን ጸጥታን፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት ዞና ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ከኣ፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ምምልላእን ምትሕብባርን ንክሰፍሕ፡ ኣገዳሲ ተራ ንክትጻወት ዘብቅዓ'ዩ።

# ሓፈሻዊ መበገስታት፡

## ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡

- ሓዳስ ሃገረ ኤርትራ እትስረተሉ መትከላት፡ ኣብ ደሞክራስን፡ ማዕርነትን፡ ማሕበራዊ ፍትሕን፡ ሃገራዊ ሓድነትን፡ ሰላምን ክኸውን ከም ዘለዎ ይኣምን።

- ኣብ ትሕቲ ደሞራስያዊ ጽላል፡ ኤርትራዊ ዜጋ ምሉእ ሰብኣውን፡ ማሕበራውን፡ ስነ-ሓሳባውን፡ ፖለቲካውን መሰላቱ ከሰላስል ይኽእል'ዩ ኢሉ ይኣምን።

- ባዕዳውያን ገዛእትን ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ካብ ዘኸተልዎ ዕንወት ብምንጋፍ፡ ኩሎም ዜጋታትና ኣብ መስርሕ ዳግመ-ህንጻ መሃዚ ተሳትፎ ክህልዎምን፡ ልምዓት ሃገር ክረጋገጽን ምእንቲ፡ ልዑላውነት ደሞክራሲ ክረጋገጽ ኣሎዎ ኢሉ ይኣምን።

- ኣንጻር ዓሌታዊ ኣፈላላይ ነቕ ዘይብለሉ መትከላዊ መርገጹ ስለ ዝኾነ፡ ብማዕርነት ወዲ ሰብ ይኣምን። እምነትን፡ ጾታን፡ ቋንቋን ደርባዊ ቦታን ብዘየገድስ፡ ማዕርነት ንኹሎም ዜጋታት ማዕረ ዕድል ስለ ዝኸፍት፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ'ዚ መትከላዊ እምንቶኡ ብምንቃል፡ ተደላይነት ተሳትፎ ዝተፈላለዩ ብሄራዊ ጉጅለታት ኣብ ሃብቲ ሃገርን ስልጣንን የረጋግጽ።

- ኤርትራዊ ዜጋ ካብ ድኽነትን ድንቁርናን ሕማማትን ናጻ ኮይኑ፡ ጓሶትን፡ ሓረስቶትን፡ ሸቃሎን፡ ስነ-ጥበባውያንን፡ ፍረ ጻዕሮም ክረኽቡ ዝኽእሉ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ምስ ዝህሉ ጥራሕ ምዃኑ ውድብና ይኣምን። እዚ ግን፡ ነቲ ኣብ ሃገራዊ ቁጠባን ልምዓትን እጃም ከበርክት ዝኽእል መሃዚ ተበግሶታት ሃገራውን ወጻእን ርእሰማል፡ ዝዕንቅፍ ክኸውን ኣይግበእን።



# መርገጽና

# ኣብ ልዕሊ ህልው ስርዓት ኤርትራ፡

ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ዝሓለፉ 18 ዓመታት ማሓውር ዲክታተርነት ከደልድል ጸኒሑን ይቕጽለሉ ኣሎን። ንመሰላት ዜጋታት ዝሕለቕን፡ ኣብ መንጎ ሓገግትን ፈጸምትን ፈረድትን ኣካላት ዘሎ ምክፍፋል ስልጣን ዝቐርጽን፡ ህንጻ ሕጊ የብሉን። እቶም በብእዋኑ ብፕረሲደንትን ተሓባባሪ ጉጅለኡን ዝውሰኑ ሕግታትን ሕጋጋትን፡ ንዝተፈላለዩ ትካላት ሃገርን መንግስትን መወከሲ ዝኾኑ ጥራሕ'ዮም። ናጽነታት ምውዳብን፡ እምነትን፡ ናጻ ርእይቶ ምህላውን ብፉጹም ስለ ዝተኣገዱ፡ እቲ ስርዓት ንሃገርና ናብ ዓቢይ ቤት ማእሰርቲ ቀይርዋ ኣሎ።

ኣብ ክሊ'ዚ ኩነታት'ዚ፡ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ መንእሰያት ናብ ጎረባብቲ ሃገራትን ካብኡ ሓሊፎም ናብ ሃገራት ዓለምን ክስደዱ ተገዲዶም። ብተወሳኺ፡ ነቲ ሃላሊ ፖሊሲታቱ ንምቕጻል ክብል፡ መንእሰያት ቅሙጥ ሓይሊ ኮይኖም ንክሰርሑ ብረት ስለ ዘሰከሞም፡ ሃገራዊ ቁጠባ ክለምስ ባህሪያዊ ኮነ።

ውድብና ንደሞክራሲ ይቃለስ። ስለ'ዚ ኣብ መንጎናን ዲክታቶሪያዊ ስርዓትን ዘሎ ግርጭት፡ ዘይተዓረቐን መሰረታውን'ዩ። ብመሰረቱ፡ ዲክታቶርያውነትን ደሞክራስን ብሓንሳብ ብሰላም ተሳንዮም ናይ ምንባር ኣኽእሎ የለን። ስለ'ዚ፡ ወድዓውን በዓል ቤታውን ኩነታት ብዘፍቅዶ መሰረት፡ ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ብምጥቃም፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣውዲቕካ፡ ደሞክራስያዊ መተካእታ ንምትካል ክንቃለስ ኢና።

# ዕላማታትና፧

## ቀዳማይ፧

## ብፖለቲካዊ ደረጃ፧

1. ሃገራዊ ልዑላውነት ምዕቋብን፡ ሓድነት መሬትን ህዝብን ኤርትራ ምድልዳልን።

2. ንፖለቲካዊ ብዙሕነትን ደሞክራሲያዊ መሰላትን ዘውሕስ ምቅብባል ስልጣን ዘፍቅድን፡ ኣብ መንጎ ባይቶን ቤት ፍርድን ፈጻምን ዘሎ ምክፍፋል ስልጣን ብብሩህ ዘነጸረን፡ ብደሞክራሲያዊ መርሆ ዝቕየድን ደሞክራሲያዊ ስርዓት ምትካል።

3. ህዝቢ ብናጻ ረፈረንዱም ዘጽድቖ ቀዋሚ ሕገ-መንግስቲ ክረጋገጽ።

4. ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ብሄራዊ ጉጅለታት ማዕርነት ክረጋገጽን፡ ዕብላለ ዝኾነ ይኹን ብሄራዊ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ከይህሉን ውድብና ይቃለስ።

5. መሓውር ደሞክራስን ሰላምን ምድልዳልን፡ ኣብ ናይ ካልኦት ጉዳይ ዘይምትእትታውን ዝዓለመ ወጻኢ ፖሊሲ ምኽታል፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ከኣ ፖለቲካውን ቁጠባውን ምምልላእ ንምምዕባል ጻዕርታቱ የካይድ።

## ካልኣይ፧

## ብደረጃ ምምሕዳር ሃገር፧

1. መሳርሕታት ቁጽጽር ትካላት ብምድልዳልን፡ ናውቲ ዜና ሓቀኛ ሓበሬታ ከም ዝረኽባ ብምግባርን፡ ሃገራዊ ትካላት ኣብ ግሉጽነት ዝተመርኮሰ ኣገባብ ክሰርሓ ከም ዝህልወን ምግባር።

2. ነቲ ሃገርና ትልለየሉ ብዙሕነትን፡ ዘይተመጣጠነ ደረጃ ምዕባለን ኣብ ግምት ብምውሳድ፡ ተሳታፍነት ኩሎም ክፍልታት ሕብረተሰብና ኣብ ስልጣን ምእንቲ ክረጋገጽ፡ ውድብና ዘይ ምእኩል ኣገባብ ምሕደራ ንክተኣታቶ ይቃለስ።



## ሳልሳይ፧

## ዝምድና መንግስትን ሃይማኖትን፧

1. ፖለቲካዊ ስልጣንን ሃይማኖትን ምፍላይ። ካብ ናይ ኩለን ሃይማኖታት መንፈሳዊ ክብረታትን ስነ-ምግባርን  ምጥቃም።

2. ኩሎም ሃይማኖታትን እምንቶታትን፡ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም።

3. ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ምኽባር። ናጽነት ውሽጣዊ ምምሕዳር ሃይማኖታዊ ትካላት ምርግጋጽ። ኣብ ውሽጢ ጉዳያቶም ጣልቃ ዘይምእታው።

## ራብዓይ፧

## ቁጠባዊ መዳይ፧

ኣብ መስርሕ ህንጻት ቁጠባ ሃገር፡ ውድብና ደው ዝብለሉ ቁጠባዊ ፖሊሲ፡ ኣብ ኩሉ መንግስታውን ብሕታውን ሓባራውን መዳያት ናይ ተሳታፍነት ዕድል ምርግጋጽ'ዩ። ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዚ ከኣ፡ ጠለባት ዝሰፈሐ ክፍሊ ህዝብና ምምላሽን፡ ሃገራዊ ልምዓት ምዕዋትን'ዩ። ኣብ ክሊ'ዚ ተረድኦ'ዚ ድማ፡ እዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ክትግበሩ ይርኢ።

1. ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ  ኣውራጃታት ዝርከብ ዘይተመጣጠነ ጋግ ምዕባለ ንምጽባብ ይጽዕት።

2. ንትሕተ ቅርጻ ቀዳምነት ብምሃብ ይነጥፍ። ( እዚ ማለት ድማ፡ ማይ፡ ሓይሊ ኤለክትሪክ፡ መንገድታት ምጽራግ፡ መጎዓዝያ ምምዕባል… ወዘተ የጠቓልል)።

3. ዋናነት መሬት ኣብ ትሕቲ ዋናታቱ ይኸውን።

4. ብጉዳይ መሬት መጽናዕቲ ተኻይዱ፡ ውጽኢት መጽናዕቲ ምርኩስ ብምግባርን፡ ንፖለቲካውን ታሪኻውን ድሕረ ባይታታት ሃገራዊ ሓድነት ኣብ ግምት ብምእታውን፡ ኣብ ክሊ እቲ ክዕቀብ እንእምቶ ሃገራዊ

ቁጠባዊ መደባት፡ ፍትሕን ዝበለጸ ኣገባብ ኣጠቓቕማ መሬትን ንምርግጋጽ ዘብቅዕ ሓድሽ ሕግታት ምሕጋግ።

5. ማዕድን፡ ጋዝን፡ ነዳድን ካብ መሬትና ንምዕዳን ምስ ዝዋፈራ ኩባንያታት፡ 51% ካብ ርእሰማል ናይ ሃገርና ይኸውን።

## ሓሙሻይ፡

## ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ፡

ኩሎም ሃገራውያን ቋንቋታት ማዕረ እዮም። ካብዚኦም ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ ዓረብኛን ትግርኛን እዮም። እዚ ሓደ ካብ'ቶም ቀወምቲ ሃገራውያን መቕምያታት ምዃኑ ስለ ንኣምን፡ ኣብ ባይታ ንምርግጋጹ፡ ምስ ኩሎም ሓይልታት ክንጽዕት ኢና።

## ሻዱሻይ፡

## መሰላት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ካልኦት ማሕበራዊ ክፍልታትን፡-

ብመሰረት መቕምያታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ እቲ ንምስርቶ ዘይምእኩል ስርዓት ሓድነትን ብዙሕነትን ማእከሉ ዝገበረ ኮይኑ፡-

1. ሓድነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ንምውሓስ፡ ብሄራውን፡ ብሄረሰብኣውን፡ ቋንቋውን፡ ኢትኒካውን፡ ሃይማኖታውን፡ ባህላውን ማዕርነት ምርግጋጽ፡ ሓደ ካብ'ቶም መሰረታዊ ረቛሒታት እዩ።
2. እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ክፍልታት ሕብረተሰብና፡ ንዝርከብሉ ከባቢ ባዕሎም ከማሓድሩ መሰል ይህልዎም።
3. ኣብ ኩሉ መንግስታዊ ትካላትን ሃገራዊ ምምሕዳራትን፡ ፍትሓዊ ተሳትፎ ብሄራትን ካልኦት ማሕበራዊ ጉጅለታትን ምርግጋጽ።
4. ኩሎም ክፍልታት ሕብረተሰብና፡ ባህሎምን፡ ታሪኾምን ቋንቋኦምን ናይ ምዕቃብን ምምዕባልን መሰሎም ሕሉው ይኸውን።
5. ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ከባብታትን፡ ብሄራትን፡ ካልኦት ክፍልታት ሕብረተሰብናን ዝርከብ ዘይምዕሩይ ምዕባለ ምትዕርራይን፡ ብምዕባለ ንዝደሓሩ ከኣ ፍሉይ ጠመተ ምሃብን ምትግባርን።

## ሻብዓይ፡

ካብ ጉባኤ እትምረጽ መሪሕነት፡ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮና ሰፊሮም ዘለው መትከላት ብምምርኳስ፡ ዓቕምና ብዘፍቅዶን ከቢቡና ዘሎ ኩነታትን ኣብ ግምት ብዝወሰደን፡ ኣብ ኩሉ መዳያት መደባት ንክትሕንጽጽ ሓላፍነት ይወሃባ።

## ሓፈሻዊ ጉዳያት፡-

ኣብ'ዚ ፕሮግራም'ዚ ምምሕያሽ ናይ ምግባር ስልጣን ዘለዎ፡ ጠቕላላ ውድባዊ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጥራሕ'ዩ።

- 2 -

# ፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ

1. ኣብ ኤርትራ መሬት ምውናን ዘይገሃስ መሰል ወነንቱ ምዃኑን፡ ብዘይ ድሌት ዋናታቱ ይኹን ፍትሓዊ ካሕሳ ከይተኸፍሎም ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ከም ዘይብሉን፡ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ወሲኑ።
2. ጉባኤ ቀዳሞት ኣውራጃዊ ምምሕዳራት ክምለሱ ከም ዝግባእ ኣረጋጊጹ።
3. ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ጠርናፊ ጽላል ኩሎም ኤርትራውያን ተቓወምቲ ሓይልታት ምዃኑ ብምቕባል፡ ከም ቀንዲ ተጣባቓይ ኤርትራዊ ጉዳያት፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ክልታት ናብ ዘይስገር ወይ ዘይነዓቕ ብርኪ ንምድያቡ፡ ግደኡ ክዓዝዝ ከም ዘለዎ ርእዩ። ምስ'ዚ ብምትእስሳር፡ ተደላይነት ምክያድ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣስሚሩሉ።

4. ኣብ'ቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘሕልፍዎ ዘለዉ ስቅያት፡ ኣቓልቦ ሃገራትን ሰብኣውያን ማሕበራትን ንምስሓብ ምእንቲ፡ መሪሕነት ዝከኣሎ ጻዕርታት ከካይድ ጉባኤ መዚዙ።

5. ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ቍጠባዊ ኩነታት፡ ብፍላይ ድማ ኣጋጢምዎ ንዘሎ ጥሜትን ዓጸቦን ንምኽዋል፡ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ. ዘካይዶ ዘሎ ከንቱ ፈተነታት ጉባኤ ኰኒኑ። ሰብኣውያን ማሕበራት ኣብ ኤርትራ ኣትየን ስራሕተን ከካይዳ ምእንቲ እቲ ስርዓት ከፍቅድለን ድማ፡ ኣህጉራዊ ሕብረተሰብ ትርጉም ዘለዎ ጸቕጢ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ከካይድ ጉባኤ ጸዋዒቱ ኣቕሪቡ።

6. ጉባኤ ነቲ ጨቋኒ ፖሊስታትን ተግባራትን ስርዓት፡ ብፍላይ ድማ ዜጋታት ካብ ከባሳትት ኤርትራ ኣፈናቒሉ፡ ኣብ'ቲ ምስ ወሳናስን ሱዳን ዝዳወብ ምዕራባዊ ጎላጉል ብምጥያስ ዝክተሎ ዘሎ ፖሊሲ ደሞግራፍያዊ ለውጢ፡ ማሕበራውን ባህላውን ሃይማኖታውን መለለዪታት ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንምብራስ ዝዓለመ ብምኳኑ ኰኒንዎ።

7. ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ንስርዓት ጠንጢኖም ኣብ ጐድኒ ንነጻነትን ደሞክራስን ዝቃለስ ዘሎ ህዝቦም ክስለፉ ጸዋዒቱ ኣቕሪቡ።

8. ነቲ ኣብ ምብራቓዊ ዞባ ኤርትራ ተላዒሉ ዘሎ ዘይሕለል ተቓውሞ እናሞገሰ፡ ኣብ ውሽጥን ደገን ዘሎ ህዝብና ክድግፎ ጸዋዒቱ ኣቕሪቡ።

9. ኣብ ሞንጎ ውድብናን ኣሕዋት ውድባት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ዘሎ ሰናይ ምውህሃድ እናድነቐ፡ ውህደት ኩሎም ወተሃደራዊ ክንፍታት ምርግጋጽ ኣድላዪ ምኳኑ ርእዩ።

***************



# - 3 -

# ደምዳሚ ኣዋጅ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብ 15 ክሳብ 21 ጥቅምቲ 2009 " ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ መሪሕ ግደ ዝጻወት ሓያል ውድብ ንምህናጽ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ወከልቲ መላእ ጨናፍር ውድብን፡ ወከልቲ ሰራዊት ድሕነትን፡ ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ መሪሕነት ዝተረኽብዎ ቀዳማይ ጉባኤኡ ብዓወት ኣሰላሲሉ።

ኣብ መኽፈቲ ጉባኤ፡ ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣቦመንበር ሰክርታርያ ምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎርምን፡ ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን፡ ልኡኻት ዜናዊ ማዕከናት ኢትዮጵያን፡ ወከልቲ ዜናዊ ማዕከናት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ተሳቲፎም።

ኣብ መኽፈቲ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣቦመንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ንኣጋይሽን ኣባላት ጉባኤን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መደረ ድሕሪ ምቕራብ፡ ውድብ ዝሓልፎ ዝነበረ ውሽጣዊ ኩነታት ክረአ እንከሎ፡ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ግዜኡ ምክያዱ ኣገዳሲ ብድሆ ምንባሩን፡ ጽንዓትን ደገፍን መሰረታት እንተዘይነበር ኔሩ፡ ጉባኤ ክውን ክኸውን ዝካኣል ከም ዘይነበረ ኣመልክቱ። ስዒቡ ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ኣካል እዚ ጉባኤ'ዚ ንኽዕወት ብመሰረታት ውድብ ዝተራእየ ዘይተቖጠበ ጻዕርታት ኣብ ኩሉ ሸነኻት ብፍላይ ድማ ኣብ ገንዘባዊ፡ ንዋታዊ ከምኡ'ውን ሞራላዊ ሓገዛት ኣሞጒሱ። ብተወሳኺ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ሰፊሕ መብርሂ ኣቕሪቡ። ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ዝዓለመ፡ ምልካዊ ስርዓት ንምውዳቕ ኣገዳስነት ዝዓዘዘ ሓባራዊ ስራሓት ተቓወምቲ ውድባት ኣመልኪቱ ኣስሚርሉ።

ብድሕሪኡ ወኪል መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣቦመንበር ሰክረታርያ ምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎርምን ኣብ ዘቕረቦ መደረኡ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ኤርትራን ርትዓዊ ዲሞክራስያዊ ቃልስታቱን ደው ከም ትብል ደጊሙ ኣረጋጊጹ። ከምኡ'ውን ኣቦመንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፡ ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ብተኸታታሊ ኣብ ዘቕረብዎ መደረታቶም፡ ጉባኤ ኣሳልጦን ዓወትን ንክጓናጸፍ ዘሎዎም ሰናይ ትምኒታቶም ገሊጾም።

ጉባኤ፡ ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ናይ ጉባኤ ስርሑ ምጅማር፡ ነቶም ኣብ ዕዮታት ጉባኤ ምስታፍ ዝኣበዩ ባእታታት ዳግመ ርእይቶ ገይሮም ኣብ ጉባኤ ንክሳተፉ፡ ምስኣቶም እትላዘብ ሽማግለ መዚዙ። እንተኾነ ግና፡ እቶም ባእታታት ነቲ ካብ ሃገራውን ውድባውን ሓላፍነት ዝነቐለ ተብግሶ ብዘይምቕባል ኣብ ርእይቶኦም ደረቑ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ ነቲ ገለ ባእታታት ካብኣቶም ንናይ ውድብ ጉባኤ ዝዕንቅፍ ወስታታትን ናይ ኣተኣናጋዲት ሃገር ጸጥታ ዝትንክፍን ዝፈጸምዎ በታኒ ፈተነ ኮኒኑ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ጉባኤ ዕዮታቱ ብምቕጻል፡ ጸብጻባት ፈጻሚ ኣካል ሰሚዑን ብዕምቆት ተመያይጥሉን። ኣብ መደምደምታ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ግዜ ኣብ ኣካይዳ መሪሕነት ኣብ ፖለቲካውን ውድባውን መዳያት ብዙሕ ዕንቅፋታት ከም ዘጋጠመ መዚኑ።

ጉባኤ፡ ሰራዊት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ስለያዊ ኣካላት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘካይዶ ዘሎ ጅግንነታዊ ግደ ኣሞጒሱ። ሰራዊት ድሕነትን ሰራዊት ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ዘካየድዎ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ስርሒትን፡ ኣብ ሞንጎ ክልቴኣቶም ዘሎ ምውህሃድን፡ ኣብ ሞንጎ ወተሃደራዊ ክንፍናን መብዛሕትኡ ወተሃደራዊ ክንፍታት ዘሎዎም ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ዘሎ ዝምድና ምትሕግጋዝን ንኢዱ።

ጉባኤ፡ ነቲ ናይ ሰለስተ ዓመታት ጉዕዙ ውድብና ፈተሸን መዘነን። ቀጺሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ተዘርጊሑ ዘርከብ ውፉይ ሓፋሽ መሰረታት ግሃድኤ ዘቕረቦ ነገራውን ሞራላውን ደገፋት፡ ብኡንብኡ ድማ ቅልውላው ውድብ ክስገር ምኽኣሉን፡ ጉባኤ ኣብ ግዜኡ ምክያዱን፡ ንዘርኣዮ ወሳኒ ግደ ኣድኒቑ።

ጉባኤ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብሓፈሻ ኣዐሪዩ ኣብ ዝተዳኸመ ኩነታት ምህላዉ፡ ብፍላይ ካኣ ኣብ መዳያት ቁጠባን፡ ጸጥታን፡ ዞባውን ኣህጉራውን ዝምድናታት ኣመልኪቱ ብዕምቆት ርእዩ።



ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘውርዶ ዘሎ ኣደራዕን ዝጽዕኖ ዘሎ ዓማጺ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ጉባኤ ኮኒኑ። ዲሞግራፊካዊ ኩነታት ኤርትራ ንምቕያር ዝዓለመ ካብ ከበሳታት ኤርትራ ናብ ምዕራባዊ ቆላታት (ጥቓ ሱዳን) ዝግበር ዘሎ ሰራም ናይ ህዝቢ ምዝንባልን ሰፈራን ስራሕ ነቲ ካብ ነዊሕ ዓመታት እናተወራረሰ ዝመጸ ፍሉይነታት ሕብረተሰብና ኣፍሪሹ ብሓዲሽ ፍሉይነታት ንምህናጽ ላዕልን ታሕትን ዝብሎ ዘሎ ተግባራት ጉባኤ ብኣንክሮ ተመልኪቱ። ከምኡ'ውን ነቶም ቀንዲ ተቐማጦ ካብ መሬቶም ኣግሊሉ፡ ንካብ ከበሳታት ኤርትራ ብዘይ ድልየቶም ናይ ምግዓዝ መደብ ደይመደይ ኢሉ ተተሓሒዝዎ ከምዘሎን ዝመንዝዖ መሬት ድማ ክዕድሎም ይርአ ብምህላዉ ጉባኤ ኮኒኑ። እዚ ተግባራት እዚ ህዝቢ ኣብ ነንሕድሕዱ ካብ ምንቛት ሓሊፉ፡ ማሕበራውን ባህላውን ሃይማኖታውን መለለዪ ሃገራዊ መንነት ዝዘርግ ፖሊሲ ዲሞግራፍያዊ ለውጢ እውን ዘምጽእ ብምዃኑ ጉባኤ ኣትሪሩ ኮኒኑ። ነዚ ምልካዊ ፖሊሲ'ዚ ንምውጋድ ተሪር ቃልሲ ክካየድ ከም ዘለዎ ጉባኤ ደጊሙ እንዳ ኣረጋገጸ ካልኦት ተቓለስቲ'ውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዱ ጉባኤ ጸዊዑ። መሬት ናይ ዋናታቱ ምዃኑን፡ ዝኾነ ወገን ብዘይድልየት ህዝቢ ክትንክፎ መሰል ከም ዘይብሉን ጉባኤ ኣረጋጊጹ። ስለ'ዚ ጉባኤ በቲ ሓደ ወገን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝመንዘዖ መሬት ናብ ዋናታቱ ክምለስ ክኸውን ከሎ በቲ ሓደ ድማ ምሕደራዊ ምክፍፋል ናብ'ቲ ናይ ቀደም ታሪኻዊ ኣውራጃታት ክምለስ ከምዘለዎ ርእዩ።

ጉባኤ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ምስቲ ኩሉ ኣብ ጉዕዞኡ ከጋጥሞ ዝጸንሐ ሕጽረታት ኣገዳሲ ፖለቲካ ሃገራዊ ጽላል ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ኩሎም ከዕቑብዎን ከማዕብልዎን፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ግደኦም ከዕዝዙ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ። እቲ ክግበር ዝሕሰብ ዘሎ "ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ" ከም ኣወንታዊ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ናብ ሽቶኡ ዘብጽሕ ጻዕርታት ክካየድ ይርኢ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብዛዕባ ኤርትራዊ ጉዳይ ዝምልከት ኣብ ዞናውን ኣህጉራውን መዳያት ዘይስገር ሓይሊ መታን ክኸውን ምድልዳሉ ኣገዳስነት ኣለዎ። እዚ ከኣ ሕጽረታቱ እንከይፈወስካን ኣብ ኩሉ ዓውድታት ኣካይዳኡ ከድምዕ ከም ዘለዎ ከይገበርካን ከምኡ'ውን ኣብ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ሓቀኛ ረብሓ ዘሎዎ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጎኒ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከየሰለፍካን ዓወት ክረጋገጽ ኣይክኣልን'ዩ።

ጉባኤ፡ ንስቅያት ስደተኛታት ኤርትራውያንን፡ ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሰምዮ ዘሎ ወፍሪ ዕንወትን ራሕሪሖም፡ መዕቆቢ ንምርካብ ዝሃድሙ

ዘሎዉ መንእሰያትን ዘጋጥሞም ዘሎ ሓደጋታትን ብዕምቆት ተመልኪቱ። ኣብ’ዚ ጉዳይ’ዚ ፖለቲካዊ መሪሕነት ምስቶም ጉዳያቶም ዝምልከቶም ሃገራትን ውድባትን ርኽክባት ብምክያድ፡ ነዚ ጉዳይ’ዚ ብዝለዓለ ደረጃን ተገዳስነትን ትኩረት ክህቦ ከም ዝግባእ ተላብዩ።

ብዛዕባ ኩነታት ስደተኛታት ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ዘለዉ ኣመልኪቱ ጉባኤ፡ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ዘተ ኣካይዱ። ጉባኤ ሱዳንን ኢትዮጵያን ንስደተኛታት ኤርትራውያን ዝገብርዎ ዘለዉ ናይ ምቕባልን ሽግራት ምቅላልን ስራሓት ዓብን ግቡእ ተራኦምን የልዕሉ ብምህላዎም ኣሞጒሱ። ብፍላይ ድማ ሱዳን ጸገማት ስደተኛታት ኤርትራውያን ንምቅላል ንፍርቂ ዘመን ዝኣክል ዝገበርዎን ጌና’ውን ዝገብርዎ ዘለዉ ርህራሄን ጉባኤ ኣድኒቑ። ህዝብና ምስቲ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሕልፎ ዘሎ ሓሳረ-መከራን ሽግራትን ንምቅላል ንዘርእዮ ዘሎ ጽንዓት ኣሞጒሱ።

ጉባኤ፡ ነቲ ኣብ ምብራቓዊ ከባብታት ኤርትራ ንዝተበገሰን ምናልባት ናብ ካልእ ዝሰፋሐ ክፋላት ኤርትራ ብኩሉ ኣገባባት ቃልሲ ብቅልጡፍ ክልሕም ዝኽእልን ህዝባዊ ተቓውሞ ምድጋፍ ኣድላይነት ከም ዘሎዎ ተገንዚቡ። ብሰንኪ ፖሊሲታት ስርዓት ምልኪ ኤርትራን ተኸታታሊ ባህሪያዊ ድርቅን ህዝብና ንዓጸቦ ተሳጢሑ ይርከብ። ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ሓደጋታቱ የዛይድ ምህላዉ ድማ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ እዩ። ንዘጋጥሞ ዘሎ ጥምየትን ዓጸቦን ኣብ ምቅላል ኣህጉራውያን ማሕበራትን ገበርቲ ሰናይን ተርኣን ንኽየልዕላ ምልካዊ ስርዓት ከልኪልወን ስለዝርከብ፡ ጉባኤ ንተግባራት ምልካዊ ስርዓት ብትሪ ይኹንን። ኣህጉራዊ ሕብረተሰብ ብወገኖም ድማ ንተግባራት ዲክታቶራዊ ስርዓት ህግደፍ ተጽዕኖ ክገብሩን ከቃልዉን ጉባኤ ኣማሕጺኑ።

ጉባኤ፡ ጉባኤ ኣብ ግዜኡ ምክያዱ፡ ነቶም ኩሎም ዕንቅፋታት ኣብ ምእላይ ግደኦም ዘበርከቱ ኣባላት ውድብ ኣመስጊኑ። ብፍላይ ድማ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ነዚ ጉባኤ’ዚ ብምድጋፍን፡ ብምትእንጋድን፡ ኩሉ ኣድላዪ መሳለጥያታት ብምቕራብን ንዝገበሩልና ደገፍ ልዑል ምስጋናኡ ኣቕሪቡ። ከምኡ’ውን ነቶም ካብ ኣባላት ውድብ ይኹኑ፡ ወይ ካብ ግዱሳት ኤርትራውያን ብዛዕባ ውድብና ተገዲሶም ጉባኤና ብዓወት ንክወጽእ ምንዮታቶም ብመልእኽትታትን፣ ብተሌፎናትን ዝገለጹልናን፣ ዮሃና ዝጸሓፉን ኣመስጊኑ።



ጉባኤ፡ ህዝቢ ሶማል ንዕስራ ዓመታት ዝሰኣኖ ሰላምን መርግጋእን ንክስተማቕር፡ ኣሕዋት ፖለቲካ ሓይልታት ሶማል ሕድ-ሕድ ምቅትታል ደው ከብሉን ፍልልያቶም ብሰላማዊ መንገዲ ክፈትሕዎን ክጽውዕ እንከሎ ብካልእ ሸነኽ ድማ ህዝቢ ፍልስጤም ጎኒ-ጎኒ ሃገረ እስራኤል ኣብ መሬቱ ሃገሩ ምምስራት ዘሎዎ መሰል ደጊፉ።

ኣብ መደምደምታ ጉባኤ፡ ኣገደስቲ ፖለቲካውን ውድባውን ውሳኔታትን ለበዋታትን ድሕሪ ምውሳን ንመጻኢ መድረኽ እትመርሕ ሓዳስ ፖለቲካዊት መሪሕነት ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጹ ዕዮኡ ብዓወት ዛዚሙ።

ዓወት ንዲሞክራስን ፍትሕን

ውድቀት ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ

ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ስውኣትና

**ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ**

**21 ጥቅምቲ 2009**